

ሃገረ ኤርትራ
ሚኒስትሪ ትምህርቲ

መጽሓፍ ንባብ ን1ይ ክፍሊ

Copyright © Ministry of Education 2015

All rights reserved; no part of this publication may be reproduced, stored in a retrieval system, or transmitted in any form or by any means, electronic, mechanical, photocopying, recording, or otherwise, without the prior written permission of the publisher.

This book is written by the Ministry of Education, Department of General Education,Curriculum Planning and Development Division.

The Ministry of Education gratefully acknowledges the assistance of the following, and any others who have helped in any way in the preparation of the book:


- Curriculum Core Team members
- Textbook Review Workshop participants
- Consultants
- Editors
- Translators
- Designers
- Illustrators
- DTP staff
- Quality Review Committee

Reprinted in 2015 by Sabur Printing Services, Asmara, Eritrea


ISBN:99948-1-017-0

ሓጋይ


ሓጋይ ኣብ ዓድና




ጽሓይ ሰኑይ ትበርቕ።




ጽሓይ ሰሉስ ትበርቕ።




ጽሓይ ረቡዕ ትበርቕ።




ጽሓይ ሓሙስ ትበርቕ።




ጽሓይ ዓርቢ ትበርቕ።




ጽሓይ ቀዳም ትበርቕ።



ጽሓይ ሰንበት ትበርቕ።



ጽሓይ ኣብ ኩለን መዓልታት ናይታ ሰሙን ትበርቕ




ሓወይ ኣበይ ኣሎ፡

ተስፋይ ሓዉ ይደሊ ነበረ።



ሓወይ ኣበይ ኣሎ፡
ምስ ኣቦይ የሎን




ሓወይ ኣበይ ኣሎ፡

ምስ ኣደይ የሎን።




ሓወይ ኣበይ ኣሎ፡
ኣብቲ ክሽነ ከኣ የሎን።




ሓወይ ኣበይ ኣሎ፡

ኣብ መሕጸብ ነብሲ የሎን




ሓወይ ኣብይ ኣሎ:
ኣብቲ ዓራት የሎን።



ሓወይ ኣበይ ኣሎ:

የጽንዕ የሎን።




ሓወይ ኣበይ ኣሎ:
ኣ ኣብዚ እነሀለ ነተን ደርሁ
ይምግበን ኣሎ።




እቲ ዝጠፈአ ንእሽቶ ቁልዓ

ተወልደ ጓሳ ኢዩ።
ኩሉ መዓልቲ ኣጣሉ ይሕሉ።



ንግሆ ኣጣሉ ሒዙ ናብቲ ጎቦታት ይወፍር። ኣጋ ምሸት ንገዘአን የእትወን።
ኣብ ደምበአን ተጠንቂቑ ይዳጉነን።




ሓደ መዓልቲ ኣጣል ተወልደ ሳዕሪ
ክደልያ ኣርሒቐን ኸዳ።
ኣዚየን ስለ ዝረሓቐ ተወልደ ከኣ
ክደልየን ምስ ከደ ጠፈኣ።



ተወልደ ኣዚዩ ፈረሐ።

መሬት ጸልሚቱ ኢዩ።
ድምጺ ኣዛብእ ከኣ ሰመዐ።




ሽዑ ኣቡኡ፡ ዎ ተወልደ ኢሉ
ክጽውዕ ሰመዐ።



ተወልደ ኣብዚ ኣለኹ ኢሉ መለሰ።
ናብ ኣቡኡ ከኣ ጐየየ።

ተተሓሒዞም ከኣ ንገዝኡም ከዱ።



እዛ ቹልዓ እንታይ ኮይና:


ሃይለ ንንእሽቶ ሓውቱ ሓንጊሩዋ ነበረ።



እታ ህጻን ሕጕስቲ ኣይነበረትን ትበኪ ነይራ። ሃይለ ኣብ ሕቑኣ ጠብ ጠብ ኣቢልዋ።



እታ ህጻን ግን ብኽያታ ቀጸለት።
ሃይለ ከዛውራ ወጸአ ኣጣል ከኣ
ኣርኣያ።




እታ ህጻን ግን ሕጂውን ብኽያታ
ቀጸለት።
ሃይለ መዝሙር ዘሚሩላ።
ሕጂውን ብኽያት ኣየቋረጸትን።
ሃይለ ነብሳ ሓጺብዋ።




ሕጂ ከኣ ኣጸቢቕ ሸኸየት።
ኣደ እዛ ቈልዓ እንታይ ኰይና ኢያ ሰቕ ምባል ኣብያትኒ፡ ኢሉ ንዓባይኡ ሓተታ።



ምናልባት ጠምያ ኢያ ትኸውን በለት ዓባዩ። ሃይለ ነታ ህጻን ጸባ ሃባ።



እታ ህጻን ሸዑ ንሸዑ ሃደአት ብኡ አቢላ ከኣ ደቀሰት።



ጕዕዞ ንቤት ትምህርቲ

ጕዕዞ ንቤት ትምህርቲ



ሳልማ ከልቢ ርእያ።
እቲ ከልቢ ሓሪቹ ጠሚትዋ ሑሕ ከኣ በላ።




ጕዕዞ ንቤት ትምህርቲ


ሳልማ ጤል ርእያ
እታ ጤል ሜእ ሜእ ኢላ ጥራዛ
ክትበልዓላ ደልያ።




ጕዕዞ ንቤት ትምህርቲ ሳልማ ገመል
ርእያ። እቲ ገመል ኣፍንጩኡ ጸግ
ኣቢሉ ብናህሪ ብጥቓኣ ሓለፈ።



ጕዕዞ ንቤት ትምህርቲ
ሳልማ ደርሆ ምስ ጨቓዊታ ርእያ።
እታ ደርሆ መሬት እናጻሕተረት ቁቕ ቁቕ ትብል ነበረት።
እቶም ጨቓዊት ጭቕ ጭቕ እናበሉ ደድሕሪ ኣዲኣም ይጕዩ ነበሩ።



ጕዕዞ ንቤት ትምህርቲ
ሳልማ ኣባጊዕ ርእያ።
እተን ኣባጊዕ ኣፍጢጠን እናጠመታኣ እምበዕ በላ።



ጉዕዞ ንቤት ትምህርቲ
ሳልማ ሓደ ነዊሕ ዓራዛዝነ ርእያ።




ነቲ ዓራዛዝነ ገልቢጣቶ።



እቲ ዓራዛዝነ ዋላ ሓንቲ ኣይበለን
ተዘርጊሑ ኣእጋሩ የንቀሳቕስ ነበረ።




ሳልማ ተገሪማ ንቤት ትምህርታ
ጐየየት።
መምህር እስኪ ኩሉ ኣነ ዝረኣኽዎ
ገምቲ ከኣ በለት።



ሳልማ ዝረኣየቶዶ ትዝክርዎ:

እንታይ ክትገብሪ ትደልዪ፡

ዕላል ኣደን ወድን



ኣደ ብንእሽቶኺ ከለኺ እንታይ ክትገብሪ ትደልዪ ኔርኪ፡

ብዙሕ ነገራት ክገብር እደሊ ኔረ እቲ ቀንዲ ደስ ዝብለኒ ዝነበረ ግን ምስ ሓወይ ንበረኻ ምዝዋር ኢዩ።



ሓቕኺ ዲኺ ስለምንታይ ደኣ ንበረኻ: ምኽንያቱ ኣብ በረኻ ብዙሕ ደስ ዘብል ነገራት ስለ ዝርከብ በለት። ኣብቲ ኣኻውሕ ዝተሓብኡ ጽቡቕት ዕምባባታት ንረክብ።




ኣብ ጨናፍር ናይቶም ልሙዓትን ዓበይትን ኣግራብ ሰፊር ኣዕዋፍ ንርኢ።




ኣዲአን ነፊራ ክሳብ ትኸይድ ናብተን ጨቓዊት ንቐርብ።



ኣዲአን መንገብገባ ከም ዝተሰበረት ኣብቲ መሬት ተንገርግር።



ካብቶም ጨቓዊታ ክንርሕቕ ትመርሓና። ኣብቲ ቅርቅረ ሰፈራ ትሰርሓሉ ንቑጽ ኣግራብ ጉድጓድ ን ረክብ።




ኣብቲ ጣሻታት ሰፈር ዛጋሩን ቆቕሕን ንረክብ።

ናብ ጥቕአን ምስ ቀረብና ጨቓዊተን ገዲፈን ይነፍራ።




እቶም ዕብይ ዝበሉ ጨቓዊት ምስ
ኣደታቶም ይሃድሙ




ኣብቲ ከባቢ ኮይነን ይዕዘባና።
ኩሉ ኣብ በረኻ ዝርከብ ዘሐጉስ
ኢዩ።
ኻኹሉ ኣብ ዘዘለዎ ንፍተዎ።
ስለ ዝፈተናዮ ኣይንቕጐረጸ። ስለ
ዝፈተናዮ ኣይንቕተሎ።

ላመይ

ኣነ እንስሳታት እፈቱ።




ጽብቕቲ ላም ኣላትኒ።
ላመይ ሰለስተ ሕብሪ ኣለዋ።
ሕብሪ ላመይ፡ ቀይሕ፡ ጸሊም ጻዕዳ ኢዩ።




ላመይ ንውላዳ ኣዚያ ትፈትዋ።
እናለሓሰት ተጥብዋ።


ሕብሪ ናይታ ብተይ፡ ጸሊምን ጻዕዳን ኢዩ።




እታ ብተይ ጸባ ጸጊባ ትዕንድር።




ደኺማ ተዕርፍ።




ነዲኣ ናፊቓ እምባሕ ትብል።
ኣዲኣ ድምጻ ሰሚዓ እምባሕ ትብል።




እታ ብተይ ምራኽ ኮይና።




እታ ምራኽ ጣዕዋ ከይና።



እታ ጣዕዋ ኣርሒ ኮይና።



እታ ኣርሒ ላም ኮይና።



እታ ሰኣሊት

ማርታ ንፍዕቲ ሰኣሊት ኢያ።



ማርታ ኣብ ወረቐትን ጨርቅን ትስእል።


ማርታ ንገዛኣ ስኢላታ።



ማርታ ስእሊ ኣግራብ ስኢላ።



ማርታ ስእልታት ኣራንሽን ባናናን ስ ኢላ።



ማርታ ብዙሕ ዕምባባታት ስኢላ።



መምህራ ስእሊ ክትመሃሪ ኢኺ ኢላታ።
መምህራ ከመይ ገራ ከም ትስእል ኣርእያታ።



ማርታ ኣበርቲዓ ሰሪሓ ቅብኣ ፈሊጣ።
ማርታ ኣጸሓሕፉ ፊደላት ተማሂራ።




ማርታ ትምህርታ ቀጺላ ናብ ቤት ትምህርቲ ሰኑ-ጥበብ ኣትያ።



ሕጂ ማርታ ውርይቲ ሰኣሊት ኢያ።

ተጠንቀቕ ውላድ ጠበቕ

ሓደ ውላድ ጠበቕ ነቕኑሑ።



ንሱ ኣብቲ ኣዲኡ እንቕቕኑሐ ትጸፍየሉ ከውሒ ነይሩ።

ውላድ ጠበቕ ኣዚዩ ንእሽቶን ጸሊምን ኢዩ።


እቲ ሕብሩ ነቲ ዝነብረሉ ኣእማን ይመስል።

ውላድ ጠበቕ ጽሓይ ክጽሎ ወጺኡ።

ጽሓይ እናተጸለው ሓንቲ ጣንጡ ርእዩ።



እውይ ኢሉ ነቲ ነዊሕ መልሓሱ ዘርጊሕዎ።
ውሕጥ ኣንታ ክንደይ ጥዕም መግቢ ከኣ በለ።
ውላድ ጠበቐ ካብቲ ኣኻውሕ ወሪዱ ካልእ ጣንጡ ክደሊ ጀመረ።



ብሃንደበት ሓደ ዓቢ ጸሊም ጽላሎት ረኣየ።
ተጠንቀቐ ውላድ ጠበቐ እቲ ሺላ ክበልዓካ ኢዩ ዝብል ድምጺ ሰመዐ።
ውላድ ጠበቐ ነቲ ሽላ ርእይዎ።



ቀልጢፉ ኣብቲ ኣኻውሕ ተሓቢኡ።
እቲ ሽላ ክርእዮ ኣይከኣለን እቲ
ውላድ ጠበቐ ከኣ ድሒኑ።

ዓሊ ዝሓዘነላ መዓልቲ


ዓሊ ወደይ ደጊም ዓቢኻ ኢኻ።
በሎ ኣቦ ዓሊ።



ውላድ ገመል ክህበካ እየ።
ተጠንቂቕካ ሓዞ።
ዓሊ ኣዚዩ ተሓጎሰ መዓልታዊ ከኣ ይከናኸኖን ጸጉሩ ይደርዞን ነበረ።




መዓልታዊ ንመግቡ ዝኸውን ሳዕሪ የምጸኣሉ።



መዓልታዊ ማይ የስትዮ።



ብሓሰር ገይሩ ጽቡቕ መደቀሲ
ሰሪሕሉ።
ናብ ዝኸዶ ምስኡ ሒዝዎ ይኸይድ።




ሓደ ሓደ ግዜ ናብ ኣዲኡ የብጽሓ።
ሓደ ሓደ ግዜ ናብ ርሑቕ የዛውሮ።
ሓደ ሓደ ግዜ ብሓንሳብ ይድቅሱ።
ሓደ ንግሆ እቲ ማዕጸ ናይቲ ደምበ
ተኸፈቱ እቲ ውላድ ገመል ከኣ
ከይዱ ጸንሐ።




ዓሊ ምሉእ መዓልቲ ክደልዮን
ክጽውያን ወዓለ።
ምስኪናይ ገመለይ ሕጅስ ክጠምን
ክጸምእን ኢዩ ኢሉ ከኣ ተጨነቐ።
መሬት ዓሪቡ ለይቲ ኮይኑ፡ ዓሊ ጌና
ገመሉ ኣይረኸቦን። ኣዚዩ ሓዚኑ ከኣ
ሸሸየ።
ምናልባት ገመለይ ኣዛብእ ይበልዕዎ
ይኸኑ ኢሉ ተጨነቐ።
ንጽባሒቱ ምሉእ መዓልቲ ክደልዮ
ወዓለ። መሬት ኣብ ምጽልማቱ ከኣ
ረኸቦ።



እቲ ምስኪናይ ውላድ ገመል፡ ረሲሑ
ኣዚዩ ደኺሙን ጸሚኡን ነበረ።
መገዲ ገዛኡ ጠፊእዎ ኢዩ ነይሩ።
ዓሊ ዝኣክል መግብን ማይን ሃቦ።
ተተሓሒዞም ንገዞኣም ከዱ።
ዓሊ ንገመሉ ተወሻኺ ሳዕሪ ሃቦ።
ዓሊ ንገመሉ ሓጸቦ።
ሽዑ ክልቲኣም ተሓጉሾም ደቀሱ።



ዓሻ እንቍርያብ



እቲ ዓሻ እንቍርያብ ኣብ ደንደስ ሩባ ኮፍ ኢሉ ነበረ።
ክንደይ ጥዑም ድምጺ ኢዩ ዘለኒ ኢሉ ከኣ ሓሰበ።
ነዕሩኹ ከኣ ስምዑኒ ክዝምር እየ በሎም።



እቲ ዓሻ እንቕዑርያብ ምሉእ መዓልቲ ዓው ኢሉ ኡር..ኡር ክብል ወዓለ።
ምሉእ ለይቲ ከኣ ዓው ኢሉ ክዝምር ሓደረ። ኡር.. ኡር..
ኣዕሩኹ ብምስማዕ ክሳብ ዝደኽሙ ዘመረ።


ሕጂ ተራ ሃበና ክንዝምር በልዎ።



እንተኾነ ክዝምሩ እንተፈተኑ ኣጸቢቹ ዓው ኢሉ ደረፈ። ኡር.. ኡር.. ኡር.. ኡር..ኣቋርጽ ሓደ ነገር ክነግረካ ደልየ ኣለኹ በሎ መምህሩ።



እቲ ዓሻ እንቑርየብ ግን ኣየቋረጸን። ኣዲኡ ከኣ ሰቐ በል ወሻርያ ክትሰምዓካ ኢያ በለቶ።



ኣየቋርጽን እየ ኣነ ካብ ዓለም እቲ ዝበለጸ ድምጺ ኣለኒ ከኣ በላ።


ኣቡኡ ከኣ ሀድእ ኢሉ፡ እዚ ወደይ ከተቋርጽ ኣለካ ነእዛንና ዕረፍቲ ሃቦ በሎ።

እቲ ዓሻ እንቑርያብ ግን ምዝማር ቀጺሉ። ኡር.. ኡር..

ሽዑ ብሃንደበት ድምጺ ኣጥፊኡ።




ኩሎም ቀኒሊሕ እንተበሉ ወኻርያ ክሓልፍ ረኣዩ።



ኣረጊት ሰበይትን በጊዓን

ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ሓንቲ ኣረጊት ሰበይቲ ንበረት።




እዛ ሰበይቲ በጊዕ ናብ ዕዳጋ ከተውርድ ደለየት።
ኣንጊሃ ተንሲኣ ከኣ ናብቲ ግራውቲ ከደት። ድሕሪ ገለ ግዜ ኣብቲ ኣባጊዕ ዝነበረኣ ሓጹር በጸሐት።



እቲ ሓረስታይ ነቲ ሓጹር ኣጽኒዑ ሓጺርዎ ነበረ። እታ በጊዕ ከኣ ካብቲ ሓጹር ምስጋር ኣበየት።

እታ ኣረጊት ሰበይቲ ክትስሕባ ፈቲና ኣብያታ፣ ክትደፍኣ ፈቲና፣ ክትጐታ ፈቲና፣ ብስላዕ ሃሪማታ እታ በጊዕ ግን ፈጺማ ምኻድ ኣበየት።



እታ ኣረጊት ሰበይቲ ብዙሕ ሓሪቓ ጐሃየት። ከልቢ ጸዊዓ፡ ስማዕ ከልቢ እዛ በጊዕ በዚ ምሕላፍ ኣብያትኒ ገዛይ ክኣቱ ኣይክእልን እየ ስለዚ ንሸኻ ኸሳ በለቶ። እቲ ከልቢ ግን ኣይነኸሳን።



ቀጺላ እታ ሰበይቲ ንበትሪ ጸዊዓ ነዚ
ከልቢ ህረሞ ነዛ በጊዕ ምንካስ
ኣብዩኒ፡ እዛ በጊዕ ከኣ ምስጋር
ኣብያትኒ ሎሚ ምሸት ገዛይ ክኣቱ
ኣይክእልን እየ።




እቲ በትሪ ግን ኻኸልቢ ኣይሃረሞን።
እታ ኣረጊት ሰበይቲ ኣዚያ ደኺማ
ሓሪቻ ከኣ ነበረት።
ንሓዊ ጸዊዓ ከኣ ሓዊ ሓዊ ነቲ በትሪ
ኣንድዶ በትሪ ኻኸልቢ ምህራም ኣ
ብዩኒ፡ ከልቢ ንበጊዕ ምንካስ ኣብዩኒ፡
በጊዕ ንሓጹር ምስጋር ኣብያትኒ
ኣነ ከኣ ሎሚ ምሸት ገዛይ ክኣቱ
ኣይክልን እየ። እቲ ሓዊ ግን ንበትሪ
ኣየንደዶን።




እታ ኣረጊት ሰበይቲ መሊሳ ደኸመት፡
ንማይ ጸዊዓ ከኣ ከምዚ በለቶ።
ስማዕ ማይ ነቲ ሓዊ ኣጥፉኣዮ
ሓዊ ንበትሪ ምንዳድ ኣብዩአኒ።
በትሪ ኻኽልቢ ምህራም ኣብዩኒ።
ከልቢ ንበጊዕ ምንካስ ኣብዩኒ።
በጊዕ ሓጹር ምስጋር ኣብያትኒ።
ኣነ ከኣ ገዛይ ክኣቱ ኣይከኣልኩን።



ማይ ሕራይ ኢሉ ንሓዊ ከጥፎኦ ጀመረ።
ሓዊ ንበትሪ ከንድዶ ጀመረ።
በትሪ ኻኸልቢ ክሃርሞ ጀመረ።
ከልቢ ንበጊዕ ክነኽሳ ጀመረ።



በጊዕ ብሓይሊ ነጢራ በቲ ሓጹር ዘለለት።
ኣብ መወዳእታ እታ ኣረጊት ሰበይቲ ሽዑ ምሸት ገዛኣ ኣተወት።




ሓጋይን ክረምትን

ግዜ ሓጋይን ክረምትን ኣለና።



ሓጋይ ግዜ ጸሓይ ኢዩ።
ክረምቲ ግዜ ዝናብ ኢዩ።



ክረምቲ ግዜ ቑሪ ኢዩ።
ኣብ ግዜ ሓጋይ ኩሉ ይነቕጽ።
ኣብ ግዜ ክረምቲ ኩሉ ይልምልም።
ኣብ መንጎ ሓጋይን ክረምትን
ኣዝመራ ኣሎ።
ኣብ ግዜ ኣዝመራ ኣእካል ይዝሩኡ።
ኣብ ግዜ ክረምቲ ይሾስኩሱን ይዓብዩን።




ኣብ መንጎ ክረምትን ሓጋይን ቀውዒ ኣሎ።

ኣብ ግዜ ቀውዒ ቀጠልያ ዝነበረ ይጭዒ።

ኣብ ግዜ ቀውዒ ኣእካል ተዓጺዶም ይእከቡ።

ቑሪ ዝነበረ ሃሩር ይሸውን።



ቀጠልያ ዝነበረ ሓመዳይ ይሸውን።
ዓምቢቦም ዝነበሩ ይሓሩ።

ብሽምዚ ከኣ ወቕትታት ይቀያየሩ።

ሃገርና

እዚኣ ኤርትራ ኢያ።




ኤርትራ ሃገርና ኢያ።
ኤርትራ ጎቦታት ኣለዋ።
ኤርትራ ጎላጉል ኣለዋ።
ኤርትራ ቀይሕ ባሕሪ ኣለዋ።
ሃገርና ጎረባብቲ ኣለዋኣ።
ገሊኣን ብመሬት ይላገባና።
ገሊኣን ብባሕሪ ይዋሰናና።

ግጥሚ/ረምታ


ኤርትራ ሃገረይ ባሕሪ ከብዳ
ከረን እምባ ሶይራ ላዕለዋይ መንጉዳ
ጎላጉል ሰምሃር ሰጥ ዝበለ ሜዳ
ጎላጉል ጋሽ ባርካ ሰጥ ዝበለ ሜዳ
ጎላጉል ዓላ ሰጥ ዝበለ ሜዳ
ጎላጉል ሃዘሞ ሰጥ ዝበለ ሜዳ
ኣብ ሓደ ዓመት ክልተ ዝዓውዳ
ዝኾነ ይኹን ሽግር ዘይኸብዳ

ኣባ ሸውዓተ ቀርኑ

ኣባ ሸውዓተ ቀርኑ ኣብ ሩባ ማይ ይሰቲ ነበረ።
ኣብቲ ማይ ጽላለቱ ረኣየ።




እዋይ ጽቡቓት ጨናፍር ዘለዎም ኣ ቕርንቲ ኣለዉኒ ኢሉ ከኣ ተሓጐሰ።
እንታይሞ ኣእጋረይ እንዶ ቀጠንትን ግናያትን ኮይነን ኢሉ ከኣ ሓዘነ።
ከምዚ እናበለ ከሎ ሃዳኖ ምስ ኣኽላባቶም መጽእዎ።



በተን ዘሕዘነአ ቀጠንቲ ኣእጋሩ
ብናህሪ ጐዩ ናብቲ ዱር ክሕባእ
ኣተወ።



እተን ዝፈተወን ኣቕርንቱ ኣብቲ
ጨናፍር ኣግራብ ሓሊሽን ሓዘአ።



ካብቲ ኣግራብ ክወጽእ ብዙሕ ጸዓረ።
ክወጽእ ግን ኣይከኣለን።
እቶም ሃዳኖ ምስ ኣኽላባቶም ከኣ
ኣርከብዎ።

ተኾላን ዑፍን


ሓደ ተኾላ ኣብ ጎሮሩኡ ዓጽሚ ተሸኸሎ።
እቲ ተኾላ ይቕንዞ ነበረ።




ነቲ ዓጽሚ ከውጽእሉ ንብዙሓት እንስሳታት ሓተተ።



ጻማ ክሸፍል ከኣ ተመባጸዐ። ብዙሓት እንስሳታት ኣብዮም ከይዶም።
ሓንቲ ዑፍ ምስ ረኣየቶ ደንገጸትሉ።
ነቲ ነዊሕን ቀጢንን ኣፉ ናብ ኣፉ ሰዲዳ ከኣ ነቲ ዓጽሚ ኣውጺኣትሉ።



እታ ዑፍ ከኣ ጻማኣ ክሸፍላ ሓተተቶ።
እቲ ተኾላ ግን ካብ ኣፈይ ከይተበላዕኪ ምውጻእኪ ይኣክለኪ በላ።




ሕልሚ በዓልቲ ጸባ

መልክዐኛ ሰበይቲ ጸባ ተሰኪማ፡



ናብ ዕዳጋ ክትከይድ ሰጕማ፡
ጸባ ሸይጣ እንቂቕኑ ደልያ፡
እንቂቕኑሐ ኣሕቀሩፉ ጨቓዊት
ተጸብያ፡
ካብ ጨቓዊት ደርሁ ተመንያ፡




ደርሁ ሸይጣ ገንዘብ ሓቕሩ፡
በቲ ገንዘብ ጽቡቕ ክዳን ሃሪፉ፡
ጽቡቕ ክዳን ተኽዲና ብጐደና ሓሊፉ፡
ብሹርዓት ክሳዳ ኣድኒና፡



ጸባ ተደፊኡ ኣብ ክዳና፡
ካብ ኩሉ ተረፊት ሓዚና፡

ጻጸን ጎዶቦን


እዋን ቀውዒ ኢዩ ዝነበረ።
ጻጸ መግቦም ይእክቡ ነበሩ።



ጎዶቦ ኣማዕድዩ ይርእዮም ነበረ።




ክረምቲ ምስ ኮነ ጎዶቦ ዝብላዕ
ክልምን መጸአ።
ጻጸ ንሕና ክንእክብ ከለና እንታይ
ትገብር ኔርካ በሎ።
ጎዶቦ ኣነ ምሉእ ሓጋይ እናደረፍኩ
እየ ኣሕሊፈዮ በሎ።






ጻጸ ትኞብል ኣቢሉ፡ እሞ ሕጂ ከኣ
ነዚ ክረምቲ እናሳዕሳዕካ ዘይተሕልፎ
ኢሉዎ ሰርሑ ቀጸለ።





ዶልፊን ዓሳን ህበይን


ህበይ ካብ መርከብ ናብ ባሕሪ ወደቐት።
ዶልፊን ዓሳ ካብ ምጥሓል ኣድሓና።



ኣብዚ ከባቢ ዲኺ ትቐመጢ ኢሉ ሓተታ።
ህበይ እወ ኣብዚ ከባቢ እየ ዝቐመጥ በለቶ።
እሞ ሰሪፎስ ትፈልጥያ ኢኺ በላ።
ህበይ ስም ሰብ መሲልዋ እወ፡ ንሳ ፈታዊተይ ኢያ በለት።
እቲ ዓሳ ብልቡ ሰሪፎስ ስም ከተማ እምበር ስም ሰብ ኣይኮነን ኢሉ ብሓሶት ናይታ ህበይ ተገረመ።


ዶልፊን ዓሳ ናብ ውሽጢ ባሕሪ
ኣጥሊቹ በሊ ባዕልኺ ሓምቢስኪ

ውጽኢ ኢሉ ገዲፍዋ ከደ።



ቈርበት በጊዕ ዝተኸደነ ተኾላ

ሓደ ተኾላ ድራኑ ይደሊ ነበረ።
ብማዕዶ ኣባጊዕ ረኣየ።
በጊዕ ክሕዝ ከኣ ተበላሓተ።



ቈርበት በጊዕ ተኸዲኑ ክሕወስ ወሰነ።
ቈርበት በጊዕ ተኸዲኑ ኣብ
ማእከልተን ኣባጊዕ ኣተወ።
ሽዑ ንሽዑ እቲ ዋና ኣባጊዕ ንድራኑ
ትኸውን በጊዕ ክሓርድ መጸአ።
ብጸልማት ሃሰስ ኢሉ በጊዕ መሲልዎ
ነቲ ተኾላ ሓዞ።




እንተረኣየ ተኸላ ኰይኑ ረኸቦ።
ኣብኡ ከሎ ከኣ ቀተሎ።




ኣንጭዋን ኣንበሳን

ሓንቲ ንእሽቶ ኣንጭዋ ኣብ ኢድ ኣንበሳ ወደቐት።




ኣንጭዋ ብዙሕ ሰንበደት።
ኣያ ኣንበሳ ተጋግየ እየ ናብዚ መጺኢ።
ድሕሪ ሕጂ ኣይደግምን እየ።
ንሎሚ መሓረኒ። ኣነ ከኣ ሓደ መዓልቲ ክሕግዘካ እየ በለቶ።

ኣንበሳ እናተገረመ፡ ንሸኺ ንእሽቶ
ፍጥረት ንዓይ ንኣንበሳ ክትሕግዝኒ፡
በሊ ረኣኹልኪ ሰኞ ኢልኪ ኪዲ።
ኣንበሳ ኣብ መጻወድያ ሃደንቲ
ኣተወ።ሓሪቹ ብዙሕ ገዓረ።



ኣንጭዋ ድምጹ ሰሚዓ ክትሕግዞ
መጸአት።
ኣንበሳ ምስ ረኣያ ንሸኺ ንእሽቶ ኢኺ
ዋላ ሓንቲ ኣይትገብርን ኢኺ በላ።
ኣንጭዋ ግን ከይተዛረበት ነተን
ቀንዲ መእሰሪ ሰኪዐት ብስና ቈቈሪጻ
ፈተሓቶ።



ሽዑ ኣንበሳ የቕንየለይ እታ ንእሽቶ ኣንጭዋ ነቲ ዓብን ሓያልን ኣንበሳ ከምትሕግዞ ሎሚ ፈሊጠ በለ።